# 2008 ይግበራ !
# ዓመት ጭቁን ሕዝብና

ብሓባር ዝጽዓርናሉ ናጽነትና
ንኽሕሎ ሰብኣዊ መሰላትና
ተጠሊሙ እንዶ´ሞ አቲ መብጽዓና

ሕጂ´ውን ሓድነትና ኣትሪርና ኣስሚርና
ሓቢርና ንቃለስ ክምለስ መሰላትና
ክትክሉ ኣዕኑድ-ፍትሒ ኣብ ሃገርና

ንተንኮል ምልካዊ ስርዓት በናጢስና
ዝናር ሕግን ፍትሕን ተዓጢቕና
ካብ ባርነት ሕጊ-ግደፍ ከንናገፍ ኢና

ንምልካዊ ስርዓት ኣባሪርና
ናብ ረብሓ ሕዝብና ቀይርና
ክንተክል ኢና ሕዝባዊ መንግስትና

ኣብ እሰሪ ቤት ትበልዩ ዘሎኹም
ንክብሪ ሃገርን ሕዝባን ትቃለሱ ዘሎኹም
ናብ 2008 ኣምላኽ ብጽቡቕ የሳግርኩም

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና
ጥርጥር የለን ናይ ግድን እዩ ዓወትና
2008ን ይግበራ ዓመት ጭቁን ሕዝብና
ዕድመን ጥዕናን ከኣ ንኹላትና

ኣብራሃም ተኽለ
23.12.2007